# ፍትሒ እንታይ ማለት እዩ?

ካብቲ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ፖለቲካዊ ተንተንቲ ኢና ወይ ድማ ፖለቲካዊ ተቃወምቲ ኢና ዝብሉ ብተደጋጋሚ ዘልዕልዎ ሓሳባት ጉዳይ ፍትሕን ነጻነትን እዩ። እዞም ሰባት ገሊኦም ኣብ ኤርትራ ነጻነት ይኹን ሓርነትን ፍትሕን የለን ዝብሉ ክኾኑ እንከለዉ፣ ገሊኦም ድማ ኤርትራ ነጻነታ ረኺባ እያ ግን ፍትሒ ዘይብላ ሃገር እያ ዝብሉ እዮም።

ነቶም ነጻነት ኤርትራ የለን ዝብሉ ከተረድእ ግዜኻ ምጥፋእ ስለዝኾነ ትርጉም የብሉን፣ብዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ሳላሳ ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ ንስርዓት ሃይለስላሴን ደርግን ምስ ኩሎም ናይ ምዕራብን ምብራቕን ደገፍቶም ሓንሳብን ንሓዋሩን ሲዒሩ ኤርትራ ብኤርትራውያን ትመሓደር ስለዘላን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ተፈላጥነት ዘለዋ ሉዕላዊት ሃገር ህያብ ቡሉጻት ሰማእታትና ኮይና ነጻነታ ተኸቢሩ ንዘልኣለም ክትነብር እያ።

እቶም ኤርትራ ነጻ ወጺኣ እያ ግን ፍትሒ ዝጎደላ ሃገር እያ ዝብሉ ድማ ትርጉም ፍትሒ ብጉቡእ ዝተረድእዎ ኣይመስለንን። እቲ ንሶም ፍትሒ ዝብልዎ ብዛዕባ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ዝውዳእ መስርሕ ዳንነት ስቪላዊ ገበናዊ ጉዳያት ብዛዕባ ምእሳርን ምፍታሕን ጥራሕ ጌሮም ስለዘወስድዎ እዮም።

እቲ ሓቀኛ ትርጉም ፍትሒ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ኣድልዎ ዘይምህላውን ኩሉ ሰብ ማዕረ ምዃን እዩ ዘረድእ። ብዝሰፍሐ መረዳእታ ፍትሒ ወዲ ሰብ ብዘይ ኣድልዎ ብሃይማኖቱ ይኹን ዓሌቱ ወይ ጾታኡ ንዑኡ ዘድልይዎ ቁጠባውን ማሕበራውን ፖለቲካዊ መሰላት ዕድል ንክህልዎ ዝገልጽ እዩ።

ኣብ ሓደ ሃገር ጸጥታን ምርግጋእን እንተዘይሃልዩ ዕንቕፋት ንኩሉ ምዕባሌን ህዝቢ ድማ ቀሲኑ ንከይነብር ዝገብር እዩ። ቀዳማይ ዕላማ ፍትሒ ሓደ መንግስቲ ኣብ ሃገር ርግኣት ንክህሉ ህዝቢ ሰጊኡ ከይሓድርን ሉዕላውነት ሃገር ከይድፈር ስለዝኾነ ነዚ ሳዕቤን ከይመጽእ ኣድላዪ ሱጉምቲ ክወስድ ጉቡእን ፍትሓውን እዩ። እዚ መንግስቲ ዝወስዶ ሲቪላውን ገበናውን ጉዳያት ከከም ምንኣሶምን ምዕባዮምን ብመሰረት ሲቪላውንን ገበናውን ሕግታት ኤርትራ ዝትግበሩ እዮም።

ካልእ ምስ ምውሓስን ምክልኻል ሉዕላውነት ሃገር ዝተኣሳሰር ድማ ብመንገዲ ፉሉይ ቤት ፍርድን ወተሃደራዊ ምምሕዳራትን ንኹሎም ንሃገር ኣብ ሓደጋ ከእትዉ ዝኽእሉ ጉዳያት ፍትሓዊ ስጉምቲ ክወስድ ግዴታ ኣለዎ። ስለዚ ኩሉ ንድሕነት ሃገርን ድሕነት ህዝብን መንግስቲ ኣድላዪ ስጉምቲ ስለዝወሰደ ፍትሒ የለን ምባል ሃገርና ንጸላእትና ኣሕሊፍካ ምሃብን ኣብ ሃገር ዘይምርግጋእ ምፍጣር ማለት እዩ።

እምበኣር እቲ ዝዓበየ ናይ ፍትሒ መግለጺ ቀዳማይ ህዝቢ ጸጥታኣዊ ርግኣቱ ተሓልዩሉ ዕለታዊ ናብርኡ ብሰላም ምክያድ እዩ። እዚ ድማ ብጀካ ኣብ ኤርትራን ኣብ ካልኦት ዉሑዳት ሃገራት ዝርከብ እዩ።

ካልኣይ ከምቲ ኣብ ሃገራዊ ቻርተር ህ.ግ.ደ.ፍ ሰፊሩ ዘሎ ማሕበራዊ ፍትሒ ምንጋስ እዩ። ማሕበራዊ ፍትሒ ምንጋስ ማለት ኩሉ ዜጋ ብዘይ ኣፈላላይ ናይ ሃይማኖት ዓሌት ጾታ ኣብ ኩሉ መዳያት ማዕረ ዕድል ምርካብ ማለት እዩ። እዚ ማዕረ ዕድል ነቲ ብሰንኪ መግዛእቲ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ፖለቲካውን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኣብ ሞንጎ ከተማን ገጠርን ዘሎ ፍልልይ ንምጽባብን ንዝተረስዑ ከባቢታት ቀዳምነት እንዳሃብካ መነባብሮ ህዝቢ ምምሕያሽ እዩ።

ስለዚ ፍትሒ ክብሃል እንከሎ ህዝቢ ጽሩይ ማይ ክሰቲን መብራህቲ ክረክብን፣ ትምህርትን ሕክምናን ብሓፈሽኡ ኩሉ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብ ኩሉ ምብጻሕ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ዘዃንፎ መሰናኽላትን ብድሆታትን ብምብዳህ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመት ነዚ ከተግብር ጸኒሑ። ከም ውጺኢቱ ድማ ህዝቢ ካብ ጻት ናብ ጻት ኣብያተ ትምህርቲ ብዓይነት ብዝሕን ተዘርጊሑ ይርከብ። ኣብ'ዚ ሰዓት'ዚ ኣብ ኤርትራ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረክብ የለን። ዋላ እቶም ብዕድመ ዝደፍኡ ናይ መሃይምነት ምጥፋእ ዕድል እንዳተዋህቦም ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ትምህርቲ ዓቕሞም ክብ ንምባል ብጽፈት ይስርሓሉ ኣሎ።

እቲ ኩሉ ብሳዋ ዝሓለፈ ኣካዳምያዊን ሞያውን ትምህርቲ ዘይቀሰመ መንእሰይ የለን። እቲ ኣብ ሃገር ዘሎ ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ መደባት ብምስታፍ ሃገሩ ይሃንጽን የማዕብል ኣሎ። እቲ ናብ ስደት ዘምረሐ ድማ ብጀካ ዉሑዳት ሑልኩሳት ካብ ኤርትራ ብዝረኸብዎ ሞያውን ኣካዳሚያውን ፍልጠት ኣብ ቡዙሓት ሃገራት ቁቡላት ኮይኖም ህይወቶም ይመርሑ ኣለዉ።

ብሓፈሽኡ እቲ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ክረኽቦ ዝግባእ ሕጂ ህዝብና ዝስተ ጽሩይ ማይን መብራህትን ልዕሊ 70 ሚእታዊት ክበጽሕ እንከሎ ሆስፒታላትን ማእከል ጥዕናን ክሊኒካትን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ኣብ ኩሉ ከባቢታት ተተኺሉ ህዝቢ ብዘይ ኣድልዎ ኩሉ ዕድላት ናይ ፍትሒ ተዘርጊሖሉ ተጠቃሚ ይኸውን ኣሎ።

ምናልባት ምስ ሕቶ ፍትሒ ጉዳይ ቅዋምን ምርጫን ይልዓል እዩ። ኣብ ሱሉስ ዓለም ብፍላይ ኣብ ኣፍሪቃ ቅዋም ስለዘለካ ወይ ድማ ምርጫ ስለዝተገብረ ነቲ መሰረታዊ ሽግር ህዝቢ ክፈትሕ ክሳብ ሕጂ ኣይተራእየን። ናይ'ዚ ጽቡቕ ኣብነት ኣብ ሩሑቕ ከይከድና ኣብ ከባቢና ዘለዋ ሃገራት ኢትዮጵያ፣ኬንያ፣ሶማል፣ሱዳን ምዕዛብ ኣገዳሲ እዩ። ቅዋም ጽቡቕ ምሕደራ ንክህሉ ሓደ መንገዲ እምበር ናይ መወዳእታ ዕላማ ኣይኮነን።

መብዛሕትኦም ዓይኖም ተዓሚቶም ናብ ሃገራት ምዕራብ ዝኸዱ ኩሉ ኣብ ሃገራት ምዕራብ ዝረኣይዎ ብኡ ንብኡ ኣብ ኤርትራ ክትግበር ይደልዩ። ሃገራት ምዕራብ ዘመናዊ ቅዋማዊ ስርዓት ንምትካል ካብ 1800 ዓ.ም ጀሚሩ እቲ ዝሓሸ ዝበሃል ቅዋማዊ ስርዓት ግን ዳርጋ ክሳብ 1960 ዘተግበራ ሃገራት ኣዝየን ውሑዳት እየን።

ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ዋላ ኣብ'ቲ ናይ 1800 ሃገራት ኤሮጳ በጺሔንኦ ዝነበራ ምዕባሌ ክሳብ ሕጂ ኣይበጽሐቶን። እንተድኣ እዘን ሙዕቡላት ሃገራት ቅዋማዊ ስርዓት ንምትካል ልዕሊ 150 ዓመታት ወሲድለን ኤርትራ ክንደይ ግዜ ክወስደላ ንምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን፣እዚ ማለት ሕጂውን 150 ዓመት ንጸበ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። እንታይ ድኣ ንህዝብናን ሃገርናን ዝጠቅም ጉቡእ መስርሕ ተኸቲልና ካብ ዕንወትን ዕግርግርን ዘድሕንመንገዲ ክንክተል ይግባእ።

ቅዋምን ቅዋማዊ ስርዓት ንምህናጽ ክስራሓሎም ዘለዎም ቅድመ ተደለይቲ ነገራት ኣለዉ። እቲ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ብፍላይ ትምህርትን ተክኖሎጂን ዝዓጠቀ ንቑሕ ህዝቢ ጥቕሙን ጉድኣቱን ዝያደ ክለሊ ስለዝሕግዞ ነዚ ቅድመ ተደላይነት ኣብ ኣተኣማማኒ ደረጃ ንምብጻሑ መንግስቲ ኤርትራ ሒዝዎ ዘሎ መብጽዓ ናይ ስውኣት ናይ ብረታዊ ቃልስና እዩ። ስለ'ዚ ህዝባዊ ግንባር ነቲ ከቢድ መስዋእቲ ከፊሉ ዘምጽኦ ነጻነት ብሓርነት ንክድራዕ ነቶም

ኣብ ከባቢናን ኮይኖም ሃገርና ንምፍራስ ኣፎም ሃህ ኣቢሎም ዝጽበዩ ዘለዉ ሓራግጽ ዕድል ዝህብ ኣይኮነን።

ነጻነት ኤርትራ ንዘልኣለም ይከበር!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ግርማይ የማነ

ርያድ